# ሰርቢ?

## „ስትራተጂካዊ ዕላማ ኣመሪካ ኣብ ኣፍሪቃ„

## ረብሓታት ኣመሪካ ብዋጋ ህይወት ወዲ-ኣዳም



ደራሲ: ሙሴ ኣብራሃ (ጀርመን)

## ካልኣይ ክፋል

## ዓቢ ቆላሕታ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣፍርቃ ! ስለምንታይ?

ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፉ 10 ዓመታት ተገዳስነት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ኣዝዩ እናዓበየ 'ዩ ክመጽእ ጸኒሑ። ስለምንታይ ግን ክሳብ ክንድ'ዚ ተገዳስነት፤ ዝብል ሕቶ ክልዓል ድማ ባህርያዊ እዩ። ነዚ ቀሊል ዝመስል ሕቶ: ግን ሰፊሕ ትንተና ዘድልዮ

መልሲ ንምምላስ: እምብኣር ኣተሓሳስባን ዕላማን ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃ ከመይ ከም ዝመስል ብግቡእ ምርዳእ የድሊ።

…

ኣብ ግዜ ዝሑል ኹናት ኣብ ኣፍሪቃ ተሰፉ ንዝተነብረሎም መራሕቲ ኣፍሪቃ ብመንገዲ ስለያ ኣመሪካ(CIA) እናቀንጸሉ ኣብ ክንድኦም ተማእዘዝቲ ዝኾኑዎም ከደምቲ ኣብ ስልጣን ኣደይቦም እሙናት ኢ.ደበይዛ ብምግባርን: ብመንገዲ ዓለማዊ ባንክ ቁጠባአን ብልቃሕ እንዳረመሱን ንኣፍሪቃን ህዝባን ዝኣኽሎም ከምዝመዝመዝዎ ናይ ቀረባ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ስለ'ዚ ኣፍሪቃ ገንሸል ረብሓ ኣመሪካ ካብ ምኳን ኣዕሪፋ ኣይትፈልጥን እያ።

ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሃን ንረኽቦ ሓበሬታ: ከም ቻይና: ህንዲ: ሩስያ: ብራዚል: …ወዘተ: ዝኣመሰላ ሃገራት: ናብ ኣፍሪቃ ገጸን ይጓየያ ከምየለዋ እዩ። እንተኾነ ግን ሕቡእን ሓደገኛን ኣጀንዳ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣህጉር-ኣፍሪቃ የንጸላሉ ከምዘሎ: ቀስ ብቀስ እንዳዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ምትእትታው ኣመሪካ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ ሓደ ጭቡጥ መርትያ እዩ። ብፍላይ ግን ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ብቕልጡፍ ናህሪ እናወሰኸ ዝመጸ ሕርያ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃ: ካብ ሓልዮት ዝመንጨወ ስትራተጂ ከምዘይኮነ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንኩሉ ተዓዛቢ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ኣፍሪቃ ኣብ ዓለምና ቀንዲ መዋሊት ባህርያዊ ጸጋታት ዝኾነት ሃብታም ክፍለ ዓለም ስለዝኮነት: ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ምትእትታው'ዚ ድማ ባህርያዊ ጸጋታት ኣፍርቃ እዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ 53 ሃገራት ኣፍሪቃ ብግምት ኣስታት 950 ሚሊዮን ህዝቢ ይነብር ከምዘሎን ኣብ 2025 ድማ ናብ ኣስታት 1.4 ቢልዮን ክድይብ ትጽቢት ከምዝግበረሉን ጸብጻባት ይሕብሩ ። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ: ኣፍሪቃ ብባህርያዊ ጸጋታት ሃብታም ክፍለ ዓለም ክንሳ: ህዝባ ግን ብጥሜትን ሕማምን ዝሕመስ ዘሎ ክፍሊ ዓለም እያ። ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ ዳርጋ መብዛሕተአን ሃገራት ኣፍሪቃ ብምጽወታ ምዕራብ ትልኽ ዝብላ ዘለዋ ኮይነን ኣይሙዉ.ታት ኣይስሩራት እየን። ኣፍሪቃ ይትረፍ 'ዶ ባህርያዊ ጸጋታታ ከተመሓድር: ንዘለዋ ስቡሕ መሬት ተጠቂማ 'ውን እንተኾነ: ነቲ መሰረታዊ ድልየት ወዲ-ሰብ ዝኾነ: ውሕስነት መግቢ ከተርጋግጽ ዘይከኣለት ዘላ ክፍለ-ዓለም እያ።

**ክሳብ ሎሚ ኣብ ኣፍሪቃ ተረኺቦም ካብ ዘለዉ ብዝሕን ዓይነትን ዘለዎም ኣገደስቲ ማዕድናት ድማ:-**

**▼ ክሮም** *(እቲ ዝበዝሐ ካብ ዓለም ኣብ ዝምባብወን ደቡብ ኣፍሪቃን)*: **▼ ፕላቲን** *(90% ናይ ዓለምና ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ)*: **▼ ኮባልት** *(50% ናይ ዓለምና ኣብ ኮንጎን ዛምቢያን)* **▼ ነዳዲ ጋዝ : ▼ ነዳዲ ዘይቲ** *(ኣብ ሱዳን: ናይጀሪያ: ኒው ጊኒያ ...)* : **▼ ወርቂ : ▼ ኣልማዝ : ▼ ማንጋኔዝ : ▼ ነሓስ : ▼ ሓጺን : ▼ ኡራኒዩም : ▼ ነዳዲ ከሰል : ▼ ፎስፋት**: (**ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ኤርትራ ብብዝሒ ተረኺቡ ካብ ዘሎ ማዕድን**) **▼..ወዘተ**




*ኣብ ኣፍሪቃ ተረኺቦም ካብ ዘለዉ ኣገደስቲ ባህርያዊ ጸጋታት*

**ስለዚ ኣፍሪቃ: ባህርያዊ ጸጋታት ዝተዓደለት ሃብታም ክፍለ ዓለም ኢያ። በዚ ምኽንያት'ዚ እያ ድማ ኣፍሪቃ ስሕበት ናይቶም ረብሓኦም 'ምበር ረብሓ ኣፍሪቃውያን ዘይዓጠም መዝመዝቲ ዝኾኑ ሓያላን ሃገራት ትኸዉን ዘላ። ተገዳስነት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ ድማ ካብ'ዚ ስሱዕ ረብሓ ዝብገስ ንነዊሕ ዓመታት ዝኸይድ ኣብ ውሽጡ መዝሚዚ ዕላማ ዝሓዘ ስትራተጂ እዩ። ሓደ ካብ'ቲ ነቲ መዝሚዚ ዕላማኦም ከም መሳርሒ ክጠቕሞም ኢሎም ዝተለምዎ ሕንጻጽ ከኣ: ባይቶ ኣመሪካ ኣብ** 2000 **ዓ.ም.** A.G.O.A. (African Growth and Opportunity Act) **„ዕብየትን ዕድልን ንኣፍሪቃ" ዝብል ሕጊ ኣጽዲቑ ንረብሓ ኣመሪካ ዝሰርሓሉ ዘሎ ሕጊ እዩ። ካብ'ዚ ሕጊ'ዚ**

ዝጥቀማ ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ንስርዓት ዋሽንግተን ተማእዚዘን ዝኸዳ ኣስታት 37 ሃገራት ኮይነን ኣብ ውሱን ዓይነት ስርሓት: ብፍላይ ግን ኣብ ሰደድ ኣጭርቕቲ ዘተኮረ: ንግዲ ምስ ኣመሪካ ክገብራ ዕድል ተኸፊቱለን ኣሎ። ንኣብነት ኣካይዳ ኤርትራ ደስ ዘይበሎ ስርዓት ዋሽንግተን ኤርትራ ተጠቃሚት A.G.O.A.(ኣጎኣ) ንከይትከውን ውሳኔ የሕሊፉ። እዚ ሕጊ'ዚ ከም መሳርሒ ዕላማየም እምበር: ከምቲ ስርዓት ዋሽንግቶን ዝብሎ ንኣፍሪቃ ንምሕጋዝ ተባሂሉ ዝተዋደደ ኣይኮነን። ካልእ እቲ ብስም ኣፍሪኮም (AFRICOM) ብዝብል ስም ኣብ 2007 ዝተመስረተ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣመሪካ: ነተን ንስርዓት ዋሽንግቶን ተማእዚዘን ዘይከዳ ሃገራት ኣፍሪቃ: ስነ-ሞጎት ሓይሊ ተጠቂምካ ንምምብርካኽ ተባሂሉ ዝቖመ ሓይሊ እዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ዘብርህ ኣብ ባይታ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ድማ: እዚ ሕጂ ብመሪሕነት ኣመሪካ ኣብ ሊብያ ዝካየድ ዘሎ ዘይፍትሓዊ ኹናት: ኣብ ጁቡቲ ኮይኑ ዝመርሖ ዘሎ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣመሪካ ኣፍሪኮ(AFRICOM) እዩ። በዚ መንገዲ'ዚ ኣቢላ ከኣ ኣመሪካ: ነቲ ብኤውሮጳን ኤስያን እናተዓብለለ ክኸይድ ዝጸንሐ ናይ ኣፍሪቃ ዕዳጋታት ንክትተኣታተዎን ባህርያዊ ጸጋታት ኣፍሪቃ ንክትቆጻጸሮን ትጽዕር ኣላ።

- ቀንዲ ዕላማ ስርዓት ዋሽንግቶን ግን እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ንግዲ ኣይኮነን: እንታይ ደኣ ከመይ ጌርካ ባህርያዊ ጸጋታት ኣፍሪቃ ትቆጻጸሮ ዝብል ስትራተጂ ሒዙ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብፍላይ ከኣ ቀረብ ነዳዲ-ዘይቲ ኣመሪካ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና መበል 21 ክፍለ ዘበን ውሑስ ንምግባሩ ዝዓለመ ውጥን ኣዩ። ንኣብነት ኣብዚ እዋን'ዚ :-
    - ናይ ኣንጎላ 75% ነዳዲ ዘይቲ: ኣመሪካዊ ትካል ሸቭሮን (Chevron Corporation) እዩ ዝቆጻጸሮ።
    - ካብ 2003 ዓ.ም. ኣትሒዘን ቡዙሓት ትካላት ነዳዲ ኣመሪካ ኣብ ጎልፍ ኒውጊነያ (ናይጀሪያ: ኤኳቶር ጊነያን ደሴት ሳንቶሚዮን) ነዳዲ ኣብ ሙኸዓት ይርከባ ኣለዋ።
    - ኣመሪካ ኣብ 2005 ዓ.ም. 14% ነዳዲ ዘይቲ ካብ ኣፍሪቃ ተጠቂማ። ኣብ 2012 ዓ.ም. ድማ ናብ 25% ክድይብ ትጽቢት ኣሎ።

- ትካላት ነዳዲ ኣመሪካ ኤክሶን-ሞባይልን ሸቭሮንን (Exxon Mobil Corporation & Chevron Corporation) ዝቆጻጸርኦ: ካብ ቻድ ክሳብ ካመሩን ዝዝርጋሕ ሻምቡቆታት ነዳዲ(ፓይፕ-ላይን) ኣብ 2004 ዓ.ም. ተሰሪሑ። ካልእ ካብ ሱዳን ክሳብ ቻድ ዝዝርጋሕ ሻምቡቆታት ነዳዲ(ፓይፕ-ላይን) ንምዝርጋሕ'ውን ኣብ መደብ ተታሒዙ ኣሎ።




*ህዝቢ ኣፍሪቃ ዝሰትዮ ጽሩይ ማይ ስኢኑ ብሕማም እንዳተሳቐየ: ኣመሪካ ድማ ንመጋየጺ ዝኸኖም ነዳዲ-ዘይቲ ኣፍሪቃ ክዘምቱ: ይጓየዩ።*

ስለዚ ተመራመርቲ ናይ'ዚ ዓውዲ'ዚ ከምዝብልዎ ኣመሪካ ኣብ ቀዳምነት ሰሪዓ ቀንዲ ኣተኩሮ ገይራትሉ ዘላ ማዕድን ነዳዲ ዘይቲ ኣፍሪቃ እዩ። ነዚ ህዝቢ ኣፍሪቃ ዘይረብሓሉ እከይ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ኣብ መጀመርያ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ድማ ንኣፍሪቃ ኣብ ኣርባዕተ ዞባታት መቃቂልካ ንኣህጉር ኣፍሪቃ ምቁጽጻር ዝብል ስልቲ እዩ። ነዚ ዕላማ'ዚ ከዐውትኦ ይኽእላ'የን ዝበለተን ኣርባዕተ ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ደቡብ ኣፍሪቃ: ኢትዮጵያ: ኬንያን ናይጀርያን ብምሕጻይ ድማ ናይ ክድምና ወረቀት ሂባተን ትርከብ። እቲ ናይ መወዳእታ ክትበጽሖ ትደሊ ዘላ ዕላማ እምበኣር: ንመላእ ኣፍሪቃ ብዞባታት ከፋፊላ ምስተቆጻጸረቶ: ኣብተን ነዳዲ ዘይተን ክትመጽዮ ኢላ ሓርያተን ዘላ ዉሱናት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝርከብ ነዳዲ ንምጉሕጋሕ ዝዓለመ እዩ። ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ: ኣብ 2002 ዓ.ም. ጥራይ ካብ ጠቕላላ ባጀት-ወፍሪ-ኣመሪካ 40% ኣብ ኣፍሪቃ(ናይጀሪያ: ኣንጎላን ደቡብ ኣፍሪካን) ኣውፊራቶ። ጸጥታዉን ቁጠባውን ረብሓታት ኣመሪካ ንምዕዋት ዝእለም ስትራተጂ 'ምብኣር ንነዊሕ ዝጠመተን ዓማጺ ቅልጽም ዝተሓወሶን ምኽኑ ድሒሩ ብዝመጽሕ መግለጺ ክጎልሕ እዩ።

*... ይ ቕ ጽ ል*